

# 8 መጋቢት ኣህጉራዊ በዓል ደቀንስትዮ

## ኣብ ኢጣልያ



8 መጋቢት ኣህጉራዊ በዓል ደቀንስትዮ: ብዕለት 09/03/2014 **<u>ማዕርነትና ይደራዕ - ኣደነት ኣብ ህጻንነት ይገታእ</u>**። ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ከተማታት ሚላኖ - ሮማ - ፊረንሰ - ካታንያ- ናፖሊ - ባሪ - ጀኖቫ - ፒዛ - ቨነቶ: ብዓቢ ክብሪ ተዘኪሩ ውዒሉ። ታሪኽ ደቀንስትዮ ኤርትራዉያ ኣብ ሕሉፍ ንሓርነት ሃገረንን ንጾታዊ ማዕረነተንን ዘካየድኦ ቃልስን: ዘመዝገብኦ ዓወታትን: ሎሚ ዉን ከም ትማሊ ንመሰለን ከምኡ ዉን ኣብ ህንጸት ሃገር ዘካይድኦ ዘለዋ ዓበይቲ ፕሮጀክትታትን ዝገልጽ ወግዓዊ ቃል ሃማደኤ ተገሊጹ። እንተኾነ ግን ብምኽንያት መስዋእቲ ናይቲ ኣብ ዕለት 8 መጋቢት ሓመድ ኣዳም ዝለበሰ ክቡር ጅግና ናይ ጀጋኑ ሓላፊ ወተሃደራዊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ **ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማሪያም (ውጩ)**: ከምዚ ዝበለ ጅግና ከሲርካ ክትድሰትን ክትስዕስዕን ሕልና ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ስለ ዘይቅበሎ ሃማደኤ ኢጣልያ ኣብ ክንዲ ሙዚቃን ሳዕስዒትን ብዝኽርን ጅግንነትን ናይ ብጻይ ዉጩ ኢየን ነዚ ክቡር በዓለን የሕሊፈንኦ። ተሪፈን ዘለዋ ከተማታት: ቦሎኛ - ቶሪኖን: ሰንበት 16/03 - ፓርማ ድማ 23/03/2014 ከኽብርኦ ኢየን።

ንጽባሒቱ ብዕለት 10/03/2014 ማ/ሓይልታት ሚላኖ ኣብ ኣዳራሽ ማ/ኮም ሚላኖ ኣብ ዘዳለውኦ ናይ ሓዘንን ክብርን ብዙሓት ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣብ ሚላኖ ዝተኻፈልዎ ነዚ ዓቢ ጅግና ንጅግንነቱ ዝትርኽን ናይ ስነስርዓት ቀብሩን ናይ ፊልም ምርኢትን ሽምዓ ብምውላዕን ዕንባባታት ብምቕራብን ዘኪሮምዎ።

**<u>“ ጅግና ኣይነብርን እዩ ! ! ታሪኹ እዩ ዝዉረስ “</u>** መኸተና ኣሕይልና፣ ሃገርና ከነልምዕ፣ ናይ ጀጋኑና ሕድሪ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ዲፕሎማስን ሜድያን ኮሚቴ ኢጣልያ

11/03/2013








መስዋእቲ ናይቲ ኣብ ዕለት 8 መጋቢት ሓመድ ኣዳም ዝለበሰ ክቡር ናይ ጀጋኑ ጅግና ሓላፊ ወተሃደራዊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ **ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማሪያም (ውጩ)**: ኣብ ሚላኖ ኣዝዩ ብዙሕ ሕዝቢ ዝተሳተፎ ብሰኑይ ዕለት 10/03/14 ብዓቢይ ክብርን ሓዘንን መብጽዓን ተዘኪሩ ዉዒሉ።















